ታሕሳስ 2004 ዓ.ም

# <u>ንሓባራዊ ጸገማትናሰሚርና ንግጠሞም</u>

## <u>ካብ ንመሰል ኢሮብ ተጣባቒ ማሕበር (መ.ኢ.ተ.ማ./IRAA)</u>

ብኩለ-መዳያዊ መልክዑ እንትምዘን ከባቢናን ህዝብናን ማእለያ ብዘይብሉን ዝተሓላለኸን ፀገማት ዝተኣሰረ ምኽኑ ምዝራብ ዘድልዮ ኣይኮነን። መሬትና እንካብቶም ኣብ ኢትዮጵያ ፍፁም ጥራሕ ዝባኖም እንካብ ዝተረፉ ከባቢታት ሓደ እዩ። ኣግራባትና ተወዲኦም መሬትና ጥራሑ እናተረፈ እዩ። ለውጢ ኣየር ከባቢ እንካብ ዘጥቀየም'ውን ከባቢና ብቐዳምነት ዝጥቀስ እዩ። ንዙ ኩነታት እዙይ ንምቅያር ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ዘይናዓቕ ኣስተዋጽኦ ኣብ ምግባር ከምትርከብ ዝፍለጥን ክምስገን ዝግበኦን እኳ እንተኾነ፣ እቱ ዝድለን ሕይወት ህዝብና ንምልዋጥ ዘኽእል ዕማምን ግን ገና ሽቶኡ ኣይወቕዐን። ስለዝኾነ'ውን ንዙ ህልዊ ጥፍኣት ህዝብን ተፈጥሮን ኣብ ከባቢና ዘኽትል ዘሎ ሓደጋ ንምክልኻል ናይ ኩልና ኩለመዳያዊ ምርብራብ ዘድልዮ ምኽኑ ኣየጠራጥርን። እዙይ ማለት'ውን ንሓደን ክልተን ወይ ንውሱናት ጉጂለ ዝሕደግ ዘይኮነስ ኩላትና ብኩለመዳያዊ መልክዑ ዝከኣለና ምርብራብ ክንገብር ዘገድድ ምኽኑ ግልጺ እዩ። ሎሚ ናይ መጻኢ ተስፋ ህዝብናን ሃገርናን ዝኾኑ መንእሰይ ሓድሽ ተካኣይ ሓይሊ ሕብረተ-ሰብና፣ ኣብ ከባቢኦም ተስፋ ዝህብ ነገር ክርእዩ ብዘይምኽኣሎም፣ ኣቕጣጫ ኣልቦ እንካብ ሃገር ብምስዳድ ኣደዳ ዓሳ-ባሕርን ገደብ-ኣልቦ ገበነኛታትን ኮይኖም ፋሕ ጭንግራሕ ኢሎም ኣብ ምጥፉእ ንኽርከቡ ዘገድዶም ዘሎ ጉዳይ ክረአ ዝኽእል፣ ዝጭበጥን ዝድህሰስን ምምሕያሽ መነባብሮ ብዘይምንባሩ ከምዝኾነ *ክንክሕዶ ዘይንኽእል ሓቂ እዩ*።

ንዙ ኩነታት እዙይ ምቕያር ከቢድ እዩ። ይኹን እምበር ሓቢርና እንተሰሪሕና ዘይነዓቕ ለውጢ ክነምጽ ከምንኽል ዘየጠራጥር እዩ። ብዘይካ ብምትሕብባር ተረባሪብካ ንቱ ከባቢያዊ ናይ ተፈጥሮ፣ ውሽጣውን ግዳማውን ጸገማት ካብ ምእላይ ካሊእ ኣማራጺ ክህሉ ኣይኽእልን። ከቢድን ጊዜን ዓቕምን ዝጥይቕ እኳ እንተኾነ፣ ብዘይካ ኣስጢምካ ዓጢቕካ ገንዘብካ፣ ሰብኣዊ ሓይልኻን ዘሎ ፍልጠትን ኣዋሃህዲካ ብውሕሉል መንገድ ብሓባር ተቓሊስካ ንክትስዕሮ ምጽዓር ካሊእ ኣማራጺ የለን። ከም ህዝቢ ቖሪጽካ እንተተላዒልካ ከዓ ዘይሰዓር ጸገም ኣሎ ኢልና ኣይንኣምንን። እዙይ' ውን ሎሚ ገለገሊና ብግቡእ ዝተረዳእናዮ ግሁድ ሓቂ ይመሰል። እቲ ዝዓበየ ፍልጠት ብዛዕባ ባዕልኻ ምንቃሕ እዩ። ብድሕሪኡ'ውን እኻ ንኻልኦት ክትጠቅም ትኽእል። ብምኽኑ ከዓ ሎሚ ደቂ ኢሮብ እንካብ ዝኾነ ጊዜ ብዝበለጸ ዋኒን ከባቢናን ህዝብናን *ብፍጹም ተገዳስነት ተለዓዕልና* ብዝተፈላለየ መልክዕ ተወዲብና ህልውናና ንክንዕቅብ፣ ጸገማትና ንኽንፈትሕ ምልዕዓልና ዘሹርዕ ተበግሶ እዩ።

ቅድም ክብል፣ ባህልን ቋንቋን ኢሮብ ንምዕባይን ንምዕቃብን ዝተመስረት ማሕበር (ILICA) ዝተቛቛመሉ ዕላማን ምኽንያትን ብምሕባር ምምሥራት እቲ ማሕበር ንኽበስር ብዘውጻኦ መግለጺ ኣበሲሩና። ምንም እኳ እንተደንጐና እቱ ዝወሰድኩምዎ ስጉምቲ ናይ ኩላትና ኩርዓትን ረብሓን እዩ'ሞ ብዙ ኣጋጣሚ እዙይ ንመስረትን ኣባላቶምን እዙ ማሕበር እንቛዕ ደስ በለኩም/በለና ንብሎም።

ቀጺሉ'ውን ጎሮን(Goron) ብዝብል ስም ዝፍለጥ ደቂ ኢሮብ ዝሳተፉሉ ማሕበራዊ መራኸቢ መርበብ (facebook) ተቛቚሙ ዝተፈላለዩ ጸገማት ህዝብና እናቐረቡ ምይይጥ ንክግበረሎም

ዘኽኣለ መድረኽ ተፈጢሩ ኢሮበቶት ኣብ ምርኻብን ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናዊ ዛዕባታት ኣብ ምምይያጥን ዘይነዓቕ ኣስተዋጽኦ ኣብ ምብርካት ከምዝርከብ ርኡይ እዩ። እንካብ ተራ ምምይያጥ ሓሊፉ'ውን ብዛዕባ ብሻዓቢያ ተጨውዮም ንልዕሊ12 ዓመት ጠያቒ መንግሥቲ ሲኢኖም ኣብ ምንታይ ኩነታት ከምዘለዉ ዘይፍለጡ ዜጋታትና ድምጺ ንምኳንን ኩነታቶም ንምፍላጥን ጻዕሪ እናገበረ ከምዝርከብ ኣፍሊጡ ነይሩ። እዙይ'ውን ሓላፍነት ናይዝስመየም ዜጋታት ሠናይ ተግባር ብምኳኑን፣ ንመሰል ኢሮብ ተጣባቒ ማሕበር (መ.ኢ.ተ.ማ) ኣቐዲሙ'ውን ከም ጉዳዩ ወሲዱ ክንቀሳቐሰሉ ዝጸንሔን ንቕድሚት'ውን ዝንቀሳቐሰሉን ስለዝኾነ ምሳኦም ተሓባቢሩ ንምሥራሕ ድሉው ምኳኑ ብምሕባር በርትዑ ዝብል መግለጺ ኣውጺኡ ከምዝነበረ ዝፍለጥ እዩ። ስለዝኾነ ሀዚ'ውን በርትዑ ይብል።

ቀጺሉ'ውን ኣብዙ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ማሕበራዊ መራኸቢ መርበብ፣ ትምህሮቶም ንምቕጻል ኣእምሮኣዊ ዓቕሚ እናሃለዎም፤ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሞም ብዘይምፍቃዱ ትምህሮቶም ንምቕጻል ዘይኽእሉ ተምህሮ ደቂ ኢሮብ ብኸመይ ክሕገዙ ይኽእሉ ብዝብል ናይ ሓሳብ ምልውዋጥ እናተገብረ ከምዝጸንሐ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንከታተሎ ጸኒሕና። ውጺኢት እዙ ምይይጥ ንዞም ብቕዓት ዘርእዩ ተምህሮ ንምሕጋዝ ዘኽእል ናይ ገንዘብ መተኣኻኸቢ ፈላማይ ናይ ድራር ምሸት ንምግባር ኣብ ኣዲስ አበባ ምድላዋት እናተገብረ ምህላዉ'ውን አብ ጎሮን ማሕበራዊ መራኸቢ መርበብ ኣንቢብና። ስለዝኾነ'ውን ንዙ ቅዱስ ዕላማ እዙይ ተግባራዊ ንምግባር ጊዜኦምን ዓቕሞምን ብምውህሃድ ኣብ ምንቅስቓስ ንዝርከቡ ወገናትና ንመሰል ኢሮብ ተጣባቒ ማሕበር (መ.ኢ.ተ.ማ) ኣድናቖት ከምዘለዎ ከበስር እንከሎ ዓቢይ ታሕጓስ እናተሰመዮ እዩ።

እዙ ሰናይ ተግባር እዙይ ንወገናትና ተስፋ ዘስንቕ ጥራሕ ዘይኮነስ ናብ ጭቡጥ ተግባራዊ ስጉምቲ ምስግጋር ዘበስር ዝተቐደሰ ጅማሮ እዩ። ከሚዚኦም ዓይነት ጅማሮታት ክተባበዑ ዝግበኦም እዮም ኢሉ መ.ኢ.ተ.ማ ይኣምን። ናይ ኩላትና ሰናይ ድልየትን ግብራዊ ተሳትፎን ዝጥይቕ፤ ኣቕሊልካ ክረኤ ዘይግበኦ ዕማም ከምዝኾነ'ውን እቶም መፍለቕቲ እዙ ሓሳብ ዘይስሕትዎ ምኳኑ ከምርዱእ ሓቂ ዝውሰድ እዩ። ስለዝኾነ መ.ኢ.ተ.ማ'ውን፤ ዝሓዝኩምዎ መንገዲ ኣድላይን እዋናውን ምኳኑ፣ ይኣምነሉን ይቕበሎን ጥራሕ ዘይኮነስ ዓቕሙ ብዝፈቕዶ ኩሉ፤ ምስ ዋኒናቱ ብዝጠዓዓም መልክዑ እናዛመደ፣ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ድጋፍ ንምግባርን ንተግባራዊነት እዙ ዝተቐደሰ ጅማሮ ምዕዋትን አብ ጎንኹም ከምዝስለፍ የረጋግጽ። ምትሕብባሩ ብዝምልከት'ውን በቢከባቢኡ ንኽተሓባብሩ ምስዝተመደቡ ወኪላት ISESP ብምርኻብ ኣብዙ እቶት ንምትእኽኻብ እትገብርዎ ፈላማይ ናይ ድራር ምሸት ዓቕሙ ዝፈቕዶ ተሳትፎ ከምዝገብር እንትገልጽ ብሓጎስ ምኳኑ ይሕብር።

ሓድነትናን ምትሕብባርናን ናይ ዓወትና መሠረት እዩ!

መ.ኢ.ተ.ማ